## **ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን** (ካልኣይ ክፋል)

ኣብ ቀዳምይ ክፍል ናይ'ዚ ጽሑፍ'ዚ፣ ኣብ ሻዕብያ ዳት ኦርግ፣ Verdict of Border Commission ዕለት 29 ግንቦት 2004 ዝቐረበ፣ ከምዚ ዝስዕብ ሕቶ ኣበጊሰ ኔረ። እሱ ከኣ ኢትዮጵያ ንውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣልቦን ዘይሕጋዊ ውሳኔ'ዩ ስለዝበለት ኢዩ። ኢትዮጵያ ካብ ምንታይ ተበጊሳ'ያ ከምዚ ክትብል በቒዓ? ካብ በለትከ መጨረሽትኡ እንታይ ክኸውን ኢዩ? ዝብል ነበረ። ኣብ ናይ ሎሚ ጽሑፍ ከኣ መቐጸልታ ናይቲ **ውሳኔ ውጽኢት ምሕንጻጽ ዶብ ብዝምልከት** ዝብል ኣርእስቲ ብኸፊል ጸኒሑ ዝቐርብ ኮይኑ መጀመሪያ ግን ካብቲ ዝሓለፈ ጽሑፍ ሓደ ሓደ ነጥብታት እንዳተውከስና ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሕቶታት ትንታኔ ክወሃብ ኢዩ።

ኢትዮጵያ ውዕል ኣልጀርስ ክትፈርም ከላ ብጉጉይ መረዳእታ ከም ዓብላላት ናይቲ ዝተገብረ ሰለስተ ዙር ውግኣት ንነብሳ ብምትዕሽሻው ኢያ ኣትያ። እዚ ጉጉይ ኣተሓሳስባ'ዚ ጉጉይ ትጽብታት ንኢትዮጵያ ኣሕድሩላ ኢዩ። ነቲ ውዕል ክትፍርም ከላ ነዚ ዝስዕብ ዓንቀጽ " <u>ክልቲኦም ሰብ ነገር ነቲ ምሕንጻጽን ምምልካትን ብይን ኮምሽን ዶብ ናይ መጨረሻን ቀያድን ምኻ‿ኑ ኣሚኖም ይቕበሉ። ከምኡ'ውን በቲ ብይን መሰረት ናይ መሬትን ሃገርን ልዑላውነት ንሓድሕዶም ይከባበሩ። </u>" ዝብልን ከምኡ'ውን " <u>ከምዝፍለጥ ክሳብ ሕጂ ውጺኢት ምሕንጻጽ ዶብን ኣብ መሬት ምምልካትን ስለዘይተፈልጠ፣ ኣብ ግዜ ዶብ ምምልካት ኣብ ባይታ፣ ብድሕሪኡ ከኣ ኣብ ግዜ ምትሕልላፍ መሬት ነቲ ዝግብኦ ኣካል፣ ኸጋጥም ዝኽእል ሽግራት ንውልቀሰባት እንተልዩ ኣብ ግምት ብምእታው ክልቲኦም ወገናት ንሕቡራት ሃገራት ሽግራቶም ኣብ ምፍታሕ ተራ ክጻወት ይሓቱ። </u>" ዝብል ዓንቀጽ ብዕምቆት ዘስተዋዕለትሉ ኣይተመስልን። ኣብ ሚያዝያ 2002 ብይን ምስተዋህበ ኣቐዲማ ነቲ ብይን ክኸበር ዝጠልበት ኢትዮጵያ ኢያ። ምኽንያቱ ትጽቢታ ከምዓብላልት ሓደ ሓደ ሓለፋታት ትጽበ ስለዝነበረት ኢዩ። እቲ ትጽበዮ ዝነበረት ሓለፋታት ከም ጎንያ ተዋሂቡዋ ኔሩ እነተዝኸውን ኢትዮጵይ ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዓንቀጻት ኣብ ተግባር ንምውዕል ብቐዳምነት ንኤርትራ ንምጽላም ምተዋሰኤት ኔራ። ከመይሲ እቲ <u>ናይ መጨረሻን ቀያድን </u>ኢዩ ዝብል ሓረግ ንዓላማኣ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ምኾነላ ኔሩ። ብጉንያ ዝረኸበቶ ሓላፊታት ኤርትራ ከይትቃወም መጽቀጢ ምተጠቕመትሉ ኔራ።

ኢትዮጵያ ከም ሰነመጎተ ተቕርቦ " ዝርርብ " ዝብሃል ፈሊጥ ኣሎ። እዚ ብኢትዮጵያ ዝቐርብ ዘሎ ኣበሃህላ ነቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዓንቀጽ ማለት " <u>ከምዝፍለጥ ክሳብ ሕጂ ውጺኢት ምሕንጻጽ ዶብን ኣብ መሬት ምምልካትን ስለዘይተፈልጠ፣ ኣብ ግዜ ዶብ ምምልካት ኣብ ባይታ፣ ብድሕሪኡ ከኣ ኣብ ግዜ ምትሕልላፍ መሬት ነቲ ዝግብኦ ኣካል፣ ኸጋጥም ዝኽእል ሽግራት ንውልቀሰባት</u>

እንተልዩ ኣብ ግምት ብምእታው ክልቲኦም ወገናት ንሕቡራት ሃገራት ሽግራቶም
ኣብ ምፍታሕ ተራ ክጻወት ይሓቱ። " ዝብል ብግልብጥሽ ሰነመጎተ ኢያ ተቕርቦ ዘላ። እዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝትግበር ኣብ ግዜ ምምልካት ዶብ ኣብ መሬት ጥራሕ ኢዩ። ቅድሚ ምምልካት ዶብ ኣብ መሬት ክተቕርቦ ምፍታን ወይ ነቲ ዓንቀጽ ዘይምርዳእ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል ወይ ከኣ ኮነ ኢልካ ንምድንጋር ዝግበር ኢዩ።

እዝኦም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ክልተ ኣገደስቲ ዓንቀጻት ብዝግባእ ክምርመሩን ክጽንዑን ይግባእ። ምኽንያቱ ነዚኦም ክልተ ዓንቀጻት ብዝግባእ ዘይምጽናዕ ኣብ ዘየድሊ ሓሸውየን ግዜ ብኸንቱ ምጥፋእን ኣቢሉም ኣብ ዘይተደላዩ ህውከት ክሰዕብ ስለዘኽእል ኢዩ።

ካብዚ ቀጺሉ መቐጸልታ ናይቲ **ውሳኔ ውጽኢት ምሕንጻጽ ዶብ ብዝምልከት** ዝብል ትርጉም ናይቲ ኮምሽን ውሳኔ ክቐርብ ኢዩ። ኣብቲ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ብጌጋ ሚያዝያ 2001 ውሳኔ ተዋሂቡ ዝተባህለ ብሚያዝያ 2002 ክትካኣ ምስ ይቕረታ እሓትት።

ሽሕ'ኳ ኣብቲ ቀዳማይ ጽሑፍ ዓንቀጽ 1. 1ን ዓንቀጽ 1. 2ን ቀሪቡ እንተነበረ መታን እቲ ሓደ ምዕራፍ ናይቲ ውሳኔ ብምልኡ ክቐርብ ብማለት ብድጋሚ ቀሪቡ ኣሎ።

## ውሳኔ ውጽኢት ምሕንጻጽ ዶብ ብዝምልከት

## ምዕራፍ 1 - መእተዊ ኣገባብ

1.1 ኮሚሽን ዶብ ኤርትራ ኢትዮጵያ፣ (ካብዚ ቀጺሉ "ብኮምሽን") ዝጽዋዕ፣ ብመሰረት ውዕል ስምምዕ 12 ታሕሳስ 2000 ወይ ከኣ "ብስምምዕ ኣብ መንጎ መንግስቲ ሃገረ ኤርትራን መንግስቲ ፌደራላዊት ደሞክራስያዊት ሕዝባዊት ኢትዮጵያን" ተመስሪቱ። ከም ኣማራጺ'ውን "ብታሕሳስ ስምምዕ" ክጽዋዕ ይክኣል።

1.2 ዓንቀጽ 4 ስምምዕ ታሕሳስ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፣

(1) ምስቲ ኩነት ናይ ቅጥዒ ስምምዕ ዝቃዶ ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ምቁራጽ ተጻብኦ ስምምዕ፣ ክልቲኦም ወገናት፣ ብመትከል፣ ምኽባር ዶባት ኣብ ግዜ ነፃነት ዝነበረ ከም ኣበሃህላ ውሳኔ AHG/Res 16(1) ውድብ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ካይሮ ብ1964 ተጋቢኡ ብዘጽደቖ መሰረት ብቐጥታ ነቲ መግዛእታዊ ውዕላትን ተግባራዊ ዝኾነ ዓ ለምለኻዊ ሕግታትን ምርኩስ ብምግባር ይውስን።

(2) ክልቲኦም ወገናት ብዝተሰማምዕሉ መሰረት፣ ሓሙሽተ ዝኣባላታ ዘይሻራዊት ኮምሽን ዶብ ተመስሪታ ነቲ ዶብ ንምሕንጻጽን ኣብ መሬት ምምልካትን (ሽካል ንምትካል) ብመሰረት መግዛእታዊ ውዕላት (1900፣ 1902፣ 1908) ከምኡ'ውን ኣብ ተግባር ዝውዕል ዓለም ለኻዊ ሕግታት ምርኩስ ብምግባር ንኽውስን ስልጣን ይህብ። እዚ ኮምሽን ብዝኾነ ይኹን መገዲ፣ ኩነታት ፖለቲካዊን ስነ-ህዝብን ኣብ ግምት ብምእታው (ex equo et bono) ክውስን ኣይክእልን ኢዩ።

(3) እቲ ኮምሽን ቦትኡ ኣብ ሄግ ይኸውን።

(4) ካብዚ ስምምዕ ዝተበጽሓሉ እዋን ጀሚሩ ክልቲኦም ወገናት ኣብ ውሽጢ 45 መዓ ልትታት ከክልተ ኮምሽነራት ይመዙ። ንጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ድማ ብጽሑፍ የፍልጡ። እቶም ዝምረጹ ኣካላት ድማ ናይ ክልትኤን ሃገራት ዜግነት ዘለዎም ወይ ድማ ተቐማጠ ክልትኤን ሃገራት ዝኾኑ ክመርጻ ኣይፍቀደለንን። እንተድኣ ሓንቲኤን ሃገር ኣብዚ ዝተወሰነ ግዜ ሓደ ይኹን ክልተ ኮሚሽነራት መሪጼን ዘየቕሪበን ዋና ጸሕፊ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ክንድኤን ይመርጽ።

(5) ፕሬዚደንት ናይቲ ኮሚሽን በቶም 4 ኮምሽነራት ዝተመርጹ ከም ተወሳኺ መበል 5ይ ኮምሽነር ኮይኑ ብኣኣቶም ይምረጽ። እንተድኣ ኣርባዕቲኦም ኮምሽነራት ኣብ ምምራጽ ፕረዚደንት ናይቲ ኮምሽን ዝኸውን ካብታ ዝጀመሩላ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክስማምዑ ዘይክኢሎም፣ ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ንክልቲኦም ሰብ ነገር ኣፍሊጡ ባዕሉ ይመዝዝ። እቲ ፕሬዚደንት ናይቲ ኮምሽን ዝኸውን፣ ዜጋ ወይ ከኣ ተቐማጢ ናይ ክልቲኤን ሰብ ነገር ሃገራት ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ።

(6) ካብቲኦም ኮምሽነራት ብሞት ወይ ከኣ ብሕማም ምኽንያት ኣብ ጉዕዞ ናይዚ ምጉት'ዚ ምስዝፍለ፣ ብመሰረት ኣብዚ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ኣገባብ መተካእታ ይምረጽ።

(7) ናይ ሕቡራት ሃገራት ካርቶግራፊ ከም ዋና ጸሓፊ ናይዚ ኮምሽን ኮይኑ የገልግል። መሳለጥያታት ይኹን ቴክኒካዊ ክኢላታት ናይ ሕቡራት ሃገራት ካርቶግራፊ ይጥቀም። እቲ ኮምሽን ኣድላዪ ኮይኑ ምስ ዝረኸቦ ክኢላታት ናይ ካልእ ወገናት'ውን ክጥቀም ይኽእል ኢዩ።

(8) ኣብ ውሽጢ 45 መዓልትታት ድሕሪ እዚ ተግባራዊ ስምምዓት'ዚ ክልቲኦም ወገናት ይግብኣኒ እዩ ዝብልዎን ከምኡ'ውን ጭብጥታት ንኮምሽን የቕርቡ። ኣስዓ ቡ ድማ ዋና ጸሓፊ ኮምሽን፣ ናይቲ ሓደ ወገን ጭብጥታትን ይግብኣኒ'ዩ ዝበሎ ጉዳያትን ነቲ ሓደ ብዓል ነገር የተሓላልፍ።

(9) ድሕሪ ምምርማር መርትዖታት፣ ጸሓፊ ኮምሽን ብዝተዋህቦ ስልጣን መሰረት ነቲ ጉዳይ ኣብ ውሽጢ 45 መዓልትታት ርእዩ ምእንቲ ኣብ ውሳኔ ክብጸሕ ኩሉ መኀተታት ነቲ ኮምሽን የመሓላልፈሉ። ምስ'ዚ ኣተሓሒዙ ድማ እቶም ኣየከራኽሩን እዮም ዝብሎም ጉዳያት ፈልዩ የቕርቦም። ብተወሳኺ እቲ ጽሓፊ ኩሉ መርትዖታት ብኽልቲኦም ወገናት ዝቐረበ ነቲ ኮምሽን የተሓላልፍ።

(10) ብዛዕባ ክፋል ናይቲ ዶብ ክልቲኦም ሰብ ነገር ኣከራኸርቲ እዮም ኢሎም ዝኣምንሎም ከምኡ'ውን ዝኾነ ክፋል ናይቲ ዶብ ምስቲ ሕጡብ 9 ዝሰማማዕ ሓዲኡ ወገን የከራኽር ኢዩ ኢሉ ዝኣመነሉ ሕቶ ዶብ ብጽሑፍ ይኹን ብቓል ብቀጥታ ነቲ ኮምሽን ክቕርቡ ይኽእሉ።

(11) ኮምሽን ባዕላዊ ዝኾነ ሕግታት ናይ ኣገባብ ኣሰራርሓ ብመሰረት ናይ 1992 ቀዋሚ ቤት ፍርዲ ገላጋሊ ኣማራጺ ሕግታት ዘውጽኦ ዕርቂ ሕቶ ዶባት ይጥቀም። ሰብ ነገር ንኸቕርብዎ ዝጥለቡ ጉዳያት ኣብ ክንዲ ብቕደም ተኸተል ኣብ ሓደ ዝተወሰነ እዋን ንኽልትኦም ወገናት ይሕተቱ። ውሳኔ ኮምሽን ብድምጺ ብልጫ ይኸውን።

(12) ኮምሽን ኣብ ውሽጢ 15 መዓልትታት ካብ ዝተመስረተሉ ስርሑ ይጅምር። ሕንጻጽ ዶብ እንተተኻኢሉ ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ንኽጠናቐቕ ይጽዕር። እዚ ግን ምስቲ መደብ ናይቲ ኮምሽን ዝኸይድ ይኸውን። እንተዘይተኻኢሉ ግን እቲ ግዜ ናይ ምንዋሕ ምርጫ ኣለዎ።

(13) ድሕሪ ፍርዲ ምሕንጻጽ ዶብ ምስተወድኤ ኮሚሽን ነቲ ውሳኔ ንኽልቲኦም ወገናት ከምኡ'ውን ንጸሓፊ ውዱብ ሃገራት ኣፍሪቃን ሕቡራት ሃገራትን ብጽሑፍ

ንኽዝርጋሕ የተሓላልፍ። ቀጺሉ ድማ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ኣብ መሬት ከምዝቃላጠፍ ይገብር።

(14) ክልቲኦም ሰብ ነገር ምስ ኮምሽን ዶብ ኮነ ምስ መሳርሕቱ ናይ ምትሕብባርን ስርሓት ከምዝቀላጠፍ ምግባርን እንተላይ ኣብ ምስላጥ ስርሓት ኣብቲ ክልቲኦም ዝቆጻጸርዎ ቦታታት ክተሓባበሩ ሓላፍነት ኣለዎም። ከምኡ'ውን ሓደ ሓደ ሓለፋታት ንዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ብዝምልከት ብመሰረት ውዕል ቭየና ከተግብሩ ይግባእ።

(15) ክልቲኦም ሰብ ነገር ነቲ ምሕንጻጽን ምምልካትን ብይን ኮምሽን ዶብ ናይ መጨረሻን ቀያድን ምዃኑ ኣሚኖም ይቕበሉ። ከምኡ'ውን በቲ ብይን መሰረት ናይ መሬትን ሃገርን ልዑላውነት ንሓድሕዶም ይከባበሩ።

(16) ከምዝፍለጥ ክሳብ ሕጂ ውጺኢት ምሕንጻጽ ዶብን ኣብ መሬት ምምልካትን ስለዘይተፈልጠ፣ ኣብ ግዜ ዶብ ምምልካት ኣብ ባይታ፣ ብድሕሪኡ ከኣ ኣብ ግዜ ምትሕልላፍ መሬት ነቲ ዝግብኦ ኣካል፣ ኸጋጥም ዝኽእል ሽግራት ንውልቀሰባት እንተልዩ ኣብ ግምት ብምእታው ክልቲኦም ወገናት ንሕቡራት ሃገራት ሽግራቶም ኣብ ምፍታሕ ተራ ክጻወት ይሓቱ።

(17) ወጻኢታት ኮምሽን ዶብ ብኽልቲኦም ሰብ ነገር ይሽፈን። ጾር ወጻኢታት ክልቲኦም ወገናት ንምቅላል ድማ ኮምሽን ዶብ ካብ ሕቡራት ሃገራት ናይ ድሕነት ገንዘብ ሓገዝ ይቕበል። እዚ ከኣ ናይ ጸጥታ ቤት ምኽሪ ውሳኔ 1177 ብ26 ሰኔ 1998 ዝተሓላለፈ መሰረት ብምግባር ኢዩ።

1.3 ብ26 ጥሪ 2001፣ ኣብቲ ዝተወሰነ እዋን ማለት ብመሰረት ናይ ታሕሳስ ስምምዕ ዓ ንቀጽ 4 ሕጡብ 4 ተመልኪቱ ዘሎ፣ ኤርትራ ብጽሑፍ ንጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ብምፍላጥ ንኮምሽነራት ኣቶ ጃን ፓውልሰንን ዳኛ ሲትፌን ሚ. ሽውበል ዝተባህሉ ክትመዝዝ ከላ፣ ኢትዮጵያ ብወገና ድማ ንኮምሽነራት ክቡር ልዑል ቦላ ኣዱስሞባ ኣየቦላን ኣቶ ኣርቱር ዋትስን መዘዘት።

1.4 ብመሰረት ናይ ታሕሳስ ስምምዕ ዓንቀጽ 4 ሕጡብ 7 ከኣ ዶክተር ሂሮሽ መተካሚ ሓለቓ ናይ ካርቶግራፊ ክፍሊ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ከም ዋና ጸሓፊ ኮምሽን (ካብዚ ቀጺሉ “ጸሓፊ” ዝብሃል) ዶብ ኮይኑ ንኹሉ ንጥፈታት ካርቶግራፉዊን ቴክኒካዊን ስርሓት ከሰላስል ተመዚዙ። ተሓጋገዝቱ ከኣ ወይዘሮ ኣልስ ቶውን ወይዘሮ ሄሌን ብራይ እየን። ብዕለት 26 ጥሪ 2001፣ ክልቲኦም ወገናት ይግብኣኒ'ዩ ዝብልዎ ጥርዓንን ጭብጥታትን ብመሰረት ውዕል ታሕሳስ ዓንቀጽ 4 ሕጡብ 8 ነቲ ኮምሽን ኣቕሪቦም።

1.5 ብዓንቀጽ 4 ሕጡብ 5 ስምምዕ ታሕሳስ መሰረት፣ ብክልቲኦም ሰብ ነገር ዝተመዘዙ ኮሚሽነራት ንፕሮፌሰር ኢሊሁ ላወተርፓት ፕረዚደንት ናይቲ ኮሚሽን ንክኸውን መረጽዎ። ብዕለት የካቲት 20 ድማ ነቲ ሓላፊነት ከምዘተቐበሎ ኣረጋግጹ።

1.6 እቲ ብዕለት 2 መጋቢት 2001 ዝተጻሕፈ ደብዳቤ ድማ ብኢትዮጵያ ንዋና ጸሓፊ ኮምሽን ቀሪቡ። ትሕዝትኡ ከኣ እቲ ብኤርትራ ኣባል ኮምሽን ንኽኸውን ዝተመርጸ ኣቶ ፓውልሰን ኢትዮጵያ ከምዘይትቕበሎ ኣፍለጠት። ዋና ጸሓፊ ኮሚሽን ድማ ነቲ ደብዳቤ ነቶም ኮሚሽነራት፣ ንቐዋሚ ተጸዋዒ ጉዳይ ኤርትራን ንዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራትን ኣመሓላልፉ።

1.7 ብዕለት 2 መጋቢት 2001፣ ኢትዮጵያ ብወግዓዊ ዘይኮነ ምልክታ፣ ንዓለምለኻዊ ቤት ጽሕፈት ቀዋሚ ቤት ፍርዲ ገላጋሊ ሽማግሌ፣ ንኹቡር ኣቶ ስዩም መስፍን፣ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ፈደራላዊት ኢትዮጵያ ከም ወኪል ከምኡ'ውን ክቡር ኣምባሳደር ፍስሃ ይመር ቀዋሚ ተጸዋዒ ናይ ፈደራላዊት ዲሞክራሳያዊት ኣትዮጵያ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ጀኔቭ ከም ምኽትል ወኪል ከምዝመዘዘት ኣፍለጠት።

1.8 ኣብ 14 መጋቢት 2001፥ ኤርትራ ወግዓዊ ብዘይኮነ ሓበሬታ፣ ንዓለም ለኻዊ ቤት ጽሕፈት ቀዋሚ ቤት ፍርዲ ገላጋሊ ብምልኣኽ፣ ንኽቡር ዓሊ ስዒድ ዓብደላ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ኤርትራ ከም ወኪል ከምኡ'ውን ፕሮፌሰር ሊ ቢሪልሜየር (ያለ ዩኒቨሪሲቲ ናይ ሕጊ ምሁር) ከም ተሓባባሪ ወኪል ከምዝመዘዘት ኣፍለጠት።

1.9 ዓንቀጽ 4፣ ሕጡብ 9፣ ስምምዕ ታሕሳስ፣ ንዋና ጸሓፊ ኮምሽን እቶም ኣየከራኹሩን እዮም ዝተባህሉ ቦታታት ዶብ ፈልዩ ከምኡ'ውን ቅድመ-ጥብቆ ብይን ተባሂሉ ዝፍለጥ ንኸቕርብ ስልጣን ይህብ። በዚ መሰረት ድማ ብዕለት 12 መጋቢት 2001 ዋና ጸሓፊ ነቲ ረኺበዮ ኣሎኹ ዝበሎ ዘየከራኽሩ ቦታታት ንኽልቲኦም ሰብ ነገርን ንኮሚሽንን ኣፍሊጡ። ብዕለት 23 መጋቢት 2001፣ ኢትዮጵያ፣ ነዚ ብዋና ጸሓፊ ዝቐረበ ጉዳይ ዕቃቤታት ከምዘለዋ ኣፍለጠት። ዋና ጸሓፊ ኮምሽን ዘቕረቦ ጸብጻብ ግን ናይቲ ብመሰረቱ ኣየከራኽርን ኢዩ ዝተባህለ ቦታታት ካብቲ ብክልቲኦም ወገናት ዝቐረበሉ ሓቤሬታ ምርኩስ ብምግባር ኮይኑ እዚ ነቲ ምሕንጻጽ ዶብ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ዕ ንቅፋት ክኸውን ኣይምተገበኤን ኔሩ። ብመሰረት ዓንቀጽ 4 ሕጡብ 10 ክልቲኦም ወገናት ቀጺሉ ከቕርብ ዝጥለብ እቲ ኣከራኻሪ ኢዩ ዝብሃል ቦታታት ይኸውን። ከምኡ'ውን ብሐደ ወገን ኣከራኻሪ ኢዩ ዝብሃል ቦታ ዋና ጸሓፊ ክቕበል ይኽእል ኢዩ።

1.10 እዚ ኮምሽን ብዕለት 25 መጋቢት 2001 ኣብ ሄግ ተራኺቡ ኔሩ። ብዕለት 26 መጋቢት 2001 ድማ ዘይወግዓዊ ርክብ ኣብ መንጎ እቲ ኮምሽንን ወከልቲ ክልቲኦም ወገናትን ብዛዕባ ኣገባብ መስርሕ ንምዝታይን ናይ ክልቲኦም ወገናት ኣርኣእያ ብዛዕባ ጉዳያቶም ኣብ ሓደጋ ከይኤተወ ከምኡ'ውን ነቲ በዳሂ ዝኾነ ሕቶ ናይ ኣቶ ፓውልሰን ምላሽ ንምሃብ ተኣክቡ ኔሩ። ኣብቲ ኣኼባ ዋና ጸሓፊ ኮምሽን'ውን ተረኺቡ ኔሩ ኢዩ። ብተወሳኺ ኣብቲ ኣኼባ ብተደራቢ ምስቲ ዋና ጸሓፊ ናይቲ ኮምሽን ኮይኑ ነቲ ኮምሽን ዝሕግዝ ሕጋዊ ተሓዚ መዝገብ ንኽምዘዝ ተሰማምዑ። በዚ መሰረት ድማ ወይዘሮ ቤተ ሽፍማን ምኽትል ዋና ጽሓፊ ናይ ቀዋሚ ገላጋሊ ቤት ፍርዲ ከም ተሓዝት መዝገብ ኮይና ክትሰርሕ ከላ ዝተሓጋገዙዋ ከኣ ዋና ኣቶ ዳነ ራትልፍ ክኸውን ከሎ ብተወሳኺ ድማ ኣባላት ናይ ቀዋሚ ገላጋሊ ቤት ፍርዲ ይተሓጋገዙ።

1.11 ካብ ዝተዘተየሎም ጉዳያትን ግዝያዊ ስምምዕ ዝተበጽሓሎም መስርሓት ሐደ፥ መደብ ስርሓት ኮምሽን ናይቲ መጀመርያ ገጽ (ምሕንጻጽ ዶብ) ይኸውን። በዚ መሰረት ክልቲኦም ወገናት ኣብ ሐደ ግዜ ብጽሑፍ መዘከርታታቶም ንዕለት 30 ሰነ 2001፣ ጸረ-መዘከርታቶም ድማ ንዕለት 22 መስከረም 2001 የቕርቡ። ብድሕርዚ ክልቲኦም ወገናት መልሲ ክወሃሃቡ እንተኾይኖም ኣብ ግምት ይኣቱ። ቅድመ ምምኽኻር ዘተ ኣብ መንጎ ኮምሽንን ክልቲኦም ሰብ ነገርን ንምግባር ድማ ንዕለት 6 ሕዳር 2001 ተመዲቡ። ግዝያዊ ዘተ ንምክያድ ከኣ ካብ ዕለት 10 ክሳብ 21 ታህሳስ 2001 ኣብ ሄግ ተወሲኑ። ሽሕ'ኳ ብውዕል ስምምዕ ታሕሳስ ዓንቀጽ 4 ሕጡብ 12፣ ምሕንጻጽ ዶብ ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ክውዳእ ዝጠልብ እንተኾነ፣ ተግባራዊ ክኸውን ከምዘይክእል ግን ብኮምሽንን ክልቲኦም ወገናትን ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ።

1.12 ብ5 ሚያዝያ 2001፣ ፕረዚደንት ኮምሽን ከምዚ ዝስዕብ "መጻንሒ ኣገባብ ሕጊ" ኣውጺኡ።

ብመሰረት ዓንቀጽ 4 ሕጡብ 11 ስምምዕ ታሕሳስ፣ ኣብ መንጎ መንግስቲ ፌደረላዊት ሪፑብሊክ ኢትዮጵያን መንግስቲ ሃገረ ኤርትራን ዝተበጽሔ፣ እቲ ኮምሽን ባዕላዊ ሕጊ ኣገባብ ከውጽእ ይጠልብ።

ሓደ ካብቶም ኮምሽነራት ብሐደ ኣካል ዝተነጽገ፣ በዚ ኣጋጣሚ ብቕልጡፍ ሕጊ ኣገባብ ጌርካ ነቲ ጉዳይ ስርዓት ምትሓዝ የዲሊ።

በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ እዚ ኮምሽን ከምዚ ዝስዕብ መጻንሒ ኣገባብ ሕጊ ንዝተወሰነ ጉዳይን ከምኡ'ውን ነቲ ዝስዕብ ምሉእ ኣገባብ ሕጊ ዘይዕንቅፍ ኮይኑ ብተወሳኺ ኣብ መጻኢ ክውሰኽሉ ዝኽእል ሕጊ ኣዳልዩ ኣሎ።

ብድሆ ንኮምሽነራት።
ብድሆ ንሓደ ኮምሽነር ምስዝቐርብ በቶም ዝተረፉ ኮምሽነራት ጉዳዩ ይውሰን። እንተድኣ ኣብ ውሳኔ ክበጽሑ ዘይክኢሎም እቲ ፕረዚደንት ነቲ ጉዳይ ናብ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ናብ ውሳኔ ንኽበጽሕ የመሓላልፎ።

እዚ ትእዛዝ ንኽልቲኦም ሰብ ነገር ብተሓዚ መዝገብ ከምዝሕበሩ ተጌሩ።

1.13 ከምኡ'ውን ኣብ 5 ሚያዝያ 2001፣ ፕረዝደንቲ ኮምሽን ንጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ባዛዕባ ትሕዝቶ ናይቲ ትእዛዝ ብምሕባር እቲ ሓቂ ማለት እቶም ኣርባዕተ ኮምሽነራት ዘይተበድሁ ብዛዕባ ናይ ኣቶ ፓውልሰን ጉዳይ ኣብ ውሳኔ ክበጽሑ ስለዘይክኣሉ በዚ መሰረት'ዚ ንዋና ጸሓፊ ንውሳኔ ከምዝተላእኸ ጠቒሱ።

1.14 ኣቶ ፓውልሰን ብዕለት 15 ግንቦት ብዝጸሓፎ ደብዳቤ ካብቲ ኮምሽን ብድሌታዊ ስንብታ ከምዘንሰሓበ ኣፍልጡ። ይኹን እምበር በቲ ብኢትዮጵያ ዝቐረበሉ ብድሆ ስለዝኣመነሉ ከምዘይኮነ ኣረጋግጹ። ብመሰረት ዓንቀጽ 4 ሕጡብ 6፣ ስምምዕ ታሕሳስ፣ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ኣቶ ፓውልሰን ቅያር ብዕለት 12 ሰነ 2001 ፕሮፌሰር ሚካኤል ራይዝማን መዚዛ።

1.15 ብዕለት 20 ሰነ 2001 ድማ እቲ ኮምሽን ኣገባብ ሕጊ (ካብዚ ንንየው ብ “ሕጊ”) ጥራሕ ዝፍለጥ፣ ብመሰረት ዓንቀጽ 4 ሕጡብ 11 ስምምዕ ታሕሳስ ከምኡ'ውን ብናይ 1992 ቀዋሚ ቤት ፍርዲ ገላጋሊ ኣማራጺ ሕግታት ንኽልቲኦም ሰብ ነገር ሃገራት ንምግልጋል ዘውጽኦ ሕጊ ኣጽዲቑ። ዓንቀጽ 16(2) ናይቲ ሕግታት ብዘፍቅዶ መሰረት መደብ ስርሓት ብጽሑፍ ከምቲ ስምምዕ ዝተገበረሉ ኣብቲ ኣኼባ ናይ 25 መጋቢት 2001 ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን። ክልቲኦም ወገናት መዘክርታታቶም ክሳብ 30 ሰነ 2001 የቕርቡ። ጸረ-መዘክርታታቶም ድማ ክሳብ 22 መስከረም 2001 ከቕርቡ። ከምኡ'ውን ካልእ ኣገዳሲ ኢዩ ዝብሃል ነገር እንተሎ ማለት እቲ ኮምሽን ኣብ ግምት ከእትዎ ዘለዎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ድሕሪ'ቲ ናይ ጸረ-መዘክርታታቶም ከቕርቡ ኣሎዎም ዝብል ኢዩ።

1.16 በዚ መሰረት ክልቲኦም ወገናት መዘከርታቶም በቲ ዝተወሰነሎም ግዜ ንተሓዝቲ መዝገብ ኣረክቦም። ብ16 ሓምለ 2001፣ ፕረዚደንት ናይቲ ኮምሽን ምስ ወከልቲ ክልቲኦም ሰብ ነገር ብዛዕባ ሓደ ሓደ ጉዳያት ኣገደስቲ እዮም ዝብልዎም ንምዝርራብ ተራኺቦም ኔሮም።

1.17 ክልቲኦም ወገናት ጸረ-መዘከርታቶም ብ30 መስከረም 2001 ምስ ዓንቀጽ 16(2) ናይቲ ሕግታት ዝቃዶ ኣቕሪቦም። እቲ ኮምሽን ድሕሪ ምስ ክልቲኦም ወገናት ምዝታይ መልስታቶም ክለዋወጡ ኣዚዙ። እዚ ከኣ ብዕለት 29 ጥቅምቲ 2001 ንተሓዚ መዝገብ ተዋሂቡ።

1.18 ብመሰረት ዓንቀጽ 16(4) ናይቲ ሕግታት፣ ብጽሑፍ ዝቐርብ ጥርዓናት እንተላይ መልስታቶም ተዓጽዩ። ቅድመ ዘተ ምስ ክልቲኦም ወገናት ብዕለት 6 ሕዳር 2001 ኣብ ቀዋሚ ገላጋሊ ቤት ፍርዲ፣ ኣብ ሄግ፣ ብዛዕባ ደቂቕ ኣገባብ ኣሰራርሓ መዕለቢ ተገቢሪሉ። ኣብቲ ኣኼባ፣ ኮምሽን፣ ንኽልቲኦም ወገናት ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ኣሎና ዝብልዎ ካርታታት እንተላይ ቅዳሕ ናይቲ ካርታታት ከምኡ'ውን ጭብጥታቶም ከቕርቡ ሓቲቱ። ክልቲኦም ወገናት ከኣ ኣብቲ ዝተወሰነሎም ግዜ ኣቕርቦም።

1.19 ጉዳይ ክልቲኦም ሰብ ነገር ኣብ ሰላም ሕንጻ ዝተባህለ ኣብ ሄግ ካብ ዕለት 10 ክሳብ 21 ታሕሳስ 2001 ተጋቢኡ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ብቓል ምጉትን ምልልስን ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ።

ካብ ኤርትራ፥ ክቡር ኣቶ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያ
ኤርትራ ከም ወኪል።
ፕሮፌሰር ሌ በርልሜይር፣ ተሓባባሪ ወኪል።
ኣቶ ቶማስ ጆንሰን፣ ኣባል።
ፕሮፌሰር ጄምስ ክራውፎርድ፣ ኣባል።

ካብ ኢትዮጵያ፥ ክቡር ኣቶ ስዩም መስፍን ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ
ኢትዮጵያ ከም ወኪል።
ኣቶ ድኖቫን ፕካርዲ፣ ኣባል።
ኣቶ ኢያን ብርውሊ፣ ኣባል።
ኣቶ ሮድማን ቡንድይ፣ ኣባል።
ወይዘሮ ሎሪታ ማሊንቶን፣ ኣባል።
ኣቶ ድይላን ኮርስ፣ ኣባል።

1.20 ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ዝተኻየደ ምጉት ከምዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ብክልቲኦም ወገናት ቀሪቡ።

ኣብ ክንዲ ኤርትራ፥

መዘከር፥

ብምኽንያት ኣብዚ መዘከር ቀሪቡ ዘሎ፣ ኤርትራ ዘለዋ ዕቃቤታትን ተወሳኺ መልሲ ንምቕራብን ከምኡ'ውን ንምዕባዩ ኣብ ቀጻሊ ዝቐርብ ጽሑፋት ይኹን ብቓል ኣብ ዝግበር ምጉት ብኣኽብሮት ተቐርብ። እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት ዘሎ ዶብ ድማ ከምቲ ናይዚ መዘከር ኣብ ስእሊ 2.1 ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ከምኡ'ውን ካርታ 1 ናይ ኤርትራ ኣትላስ ኢዩ።

ጸረ-መዘከር፥

ብምኽንያት ኣብዚ ጸረ-መዘከር ቀሪቡ ዘሎ፣ ኤርትራ ዘለዋ ዕቃቤታትን ተወሳኺ መልሲ ንምቕራብን ከምኡ'ውን ንምዕባዩ ኣብ ቀጻሊ ዝቐርብ ጽሑፋት ይኹን ብቓል ኣብ ዝግበር ምጉት ብኣኽብሮት ተቐርብ። እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት ዘሎ ዶብ ድማ ከምቲ ናይዚ ጸረ-መዘከር ኣብ ስእሊ 2.01 ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ከምኡ'ውን ካርታ 1 ናይ ኤርትራ ኣትላስ ኢዩ።

ግብረ-መልሲ፥

ብምኽንያት ኣብዚ ግብረ-መልሲ ቀሪቡ ዘሎ፣ ኤርትራ ዘለዋ ዕቃቤታትን ተወሳኺ መልሲ ንምቕራብን ከምኡ'ውን ንምዕባዩ ኣብ ቀጻሊ ዝቐርብ ጽሑፋት ይኹን ብቓል ኣብ ዝግበር ምጉት ብኣኽብሮት ተቐርብ። እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት ዘሎ ዶብ ድማ ከምቲ ኣብ ስእሊ 2.01 ኣብ ላዕሊ ተገልጹ ዘሎን ከምኡ'ውን ካርታ 1 ናይ ኤርትራ ኣትላስ ኢዩ።

ኣብ ክንዲ ኢትዮጵያ፥

መዘከር፥

ብመሰረት ሓቅታትን ሕጋዊ ስነ ሞጎትን ኣብዚ መዘክር'ዚ ቀሪቡ ዘሎ ከምኡ'ውን ዓ ንቀጽ 4 ኣብቲ ናይ 12 ታሕሳስ 2000 ስምምዕ ተዋሂቡ ዘሎ ኣገዳሲ ሕጡብ 2 - ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።

ክልቲኦም ወገናት ዝተሰማምዕሉ፣ ዘይሻራዊት ኮሚሽን ዶብ ብሓሙሽተ ዝኣባላታ ዝቖመት፣ ብዝተዋህባ ስልጣን መሰረት ድማ ዶብ ምሕንጻጽን ኣብ መሬት ምምልካትን ብመግዝእታዊ ውዕል መሰረትን ምስቲ መግዛእታዊ ውዕ ላት (1900፣ 1902፣ 1908) ዝሰማማዕ ብምርኣይን ከምኡ'ውን ተግባራዊ ዝኾነ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ምርኩስ ብምግባርን ይኸውን።

ኣብ ሕጡብ 10 ከኣ -

ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት እቲ ዶብ፣ ዘሰሓሕብ ጉዳይ ተባሂሉ ዝእመነሉ፣ ከምኡ'ውን ዝኾነ ክፋል'ቲ ዶብ ብመሰረት ሕጡብ 9 ብሓዲኡ ወገን የሰሓሕብ'ዩ ተባሂሉ ዝእመነሉ እንተኾይኑ ክልቲኦም ወገናት ብጽሑፍ ይኹን ብቓል ቀጥታ ነቲ ኮምሽን ከቕርቡ ይኽእሉ ይብል።

ፌደራላዊት ዲሞክራስያዊት ኢትዮጵያ ሽሒ'ኳ ተወሳኺ ሓቤሬታ ናይ ምሃብ መሰላ ዝተሓለወ ምዃኑ ኣብ ቦትኡ እንተሎ፣ እቲ ኮምሽን ብኣኽብሮት ኣብ ግምት ከእትዎን ክውስንን ነዚ ዝስዕብ ተቕርብ።

- እቲ መስመር ናይ'ቲ ዶብ ብመሰረት ውዕል 1900 ትሕዝትኡ ኣብ ምዕራፍ 4 ሕጡብ 4.7 ከምዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ኢዩ።
- እቲ መስመር ናይ'ቲ ዶብ ብመሰረት ውዕል 1902 ትሕዝትኡ ኣብ ምዕራፍ 4 ሕጡብ 4.8 ከምዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ኢዩ።
- እቲ ዶብ ብውዕል 1908 መሰረት ክሕንጸጽን ኣብ መሬት ክምልከትን። እዚ ኸኣ ብመሰረት ኣገባብ ስራሕ ኣብ ምዕራፍ 3 ሕጡብ 3.216 ክሳብ 3.223 ከምኡ'ዉን ምዕራፍ 4 ሕጡብ 4.9 ተመልክቱ ዘሎ ኢዩ።

ኣብ ጸረ-መዘክር ዝቐረበ ከኣ፣

ብመሰረት ሓቅታትን ሕጋዊ ስነ ሞጎትን ኣብቲ ብኢትዮጵያ ዝቐረበ መዘክርን ከምኡ'ውን ጸረ-መዘክርን ብተወሳኺ

ነቲ ብኤርትራ ዝቐረበ መዘክር ብምንጻግ

ፌደራላዊት ዲሞክራስያዊት ኢትዮጵያ ኣብ መጻኢ ንምምሕያሹ ይኹን ንምዕባዩ መሰላ ዝተሓለወላ ምዃኑ ብምእማን ነዚ ጸረ-መዘክር ብኣኽብሮት ተቕርብ።

- እቲ ዶብ ብመሰረት ውዕል 1900 ከም እተዋህበ እቲ መሰመር ከምዚ ኣብ ምዕራፍ 2 ናይዚ ጸረ-መዘክር ተገሊጹ ዘሎ ኢዩ።
- እቲ ዶብ ብመሰረት ውዕል 1902 ከምዝተዋህበ እቲ መሰመር ከምዚ ኣብ ምዕራፍ 3 ናይዚ ጸረ-መዘክር ተገሊጹ ዘሎ ኢዩ።
- እቲ ዶብ ብመሰረት ውዕል 1908 ተዋሂቡ ዘሎን ንስነ-ኣገባብ ኣብ ግምት ብምእታው ከምዚ ኣብ ምዕራፍ 4 ናይዚ ጸረ-መዘክር ተገሊጹ ዘሎ ኢዩ።

ኣብ ግብረ-መልሲ ከኣ፣

ብመሰረት እዚ ዝካየድ ዘሎን ከምኡ'ውን ኤርትራ ዘቕረበቶ ብምቅዋም ኢትዮጵያ ተረጋግጾ ነገር እንተሎ እቲ ኣቕሪባቶ ዘላ ጸረ-መዘክር ናይ መጨረሻ ይኸውን።

ኣብቲ ብቓል ዝተዋህበ ክኣ ክልቲኦም ወገናት ከምዚ ዝስዕብ ኣቕርቦም።

ኣብ ክንዲ ኤርትራ፥

ብዕለት 20 ታሕሳስ 2001 ዝቐረበ፣

እዚ ብኣኽብሮት ኣቕሪብናዮ ዘሎና ጉዳይ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ወገን ዘሎ ዶብ ከምዚ ኣብ ካርታ ቁ. 1 ብኤርትራ ዝቐረበ መዘክር ኣትላስ ክኸውን ከሎ እቲ መጠን ከኣ ብምሉእ ተገሊጹ ዘሎ 1፥50000 ካርታ ኤርትራ ንዋና ጸሓፊ ኮምሽን ተዋሂቡ ዘሎ ኢዩ።

ኣብ ክንዲ ኢትዮጵያ።

ብዕለት 21 ታሕሳስ 2001 ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ።

ፈደራላዊት ሪፑብሊክ ኢትዮጵያ ብኣኽብሮት ነዚ ኮምሽን ትሓቶ ንኽርኣየላን ንኽውሰነላን፣ ብቐዳምነት እቲ ዶብ ብመሰረት ውዕል 1900 ተመልክቱ ዘሎ፣ እቲ መስመር ከምዚ ኣብ ምዕራፍ 2 ናይቲ ጸረ-መዘክር ተገሊጹ ዘሎ ኢዩ። እቲ ካልኣይ ነጥቢ ከኣ እቲ ዶብ ብመሰረት ውዕል 1902 ተመልክቱ ዘሎ እቲ መስመር ኣብ ምዕራፊ 3 ናይቲ ጸረ-መዘክር ተግሊጹ ዘሎ ኢዩ። ኣብ መጨረሻ ከኣ እቲ ዶብ ብመሰረት ውዕል 1908 ተመልክቱ ዘሎ ብመሰረት ናይ መስርሕን ከምእ'ውን ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ከምቲ ብቓል ዘቕረብናዮ መግለጺ ይኸውን።

ተስፋሚካኤል ዮሃንስ
ኦስሎ ኖርወይ።

ርእይቶኹም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ልኣኹለይ
teckle3@hotmail.com